# ኵልና ነንነብስና እሞ ንሕተት ቃልስና ክዕወት

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ

ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ደቂ ኤረይ ጽን እሞ በሉ፡ ኣቦሐጎታትና ክምስሉ ከምዚ ይብሉ: ሐሲኻ ኣታዓርቕ እንበር ሐሲኻ ኣይተባእስ ይብሉ፡ ሎሚ ግን ብግምጣሉ ሐሲዮም ከታዓርቑስ ይትረፍ፡ ከይቀደመትኪ ሐባል ብልያ።ከስዔ ኣደ ጉራምራ ክንደይ ጀጋኑ ከምዘይ ፈረየ።ኣብ ልዕሊ ቀዳሞት እንዳ ተመክሑ፡ ሐሲዮም ዘባእሲ ከይሰርሑ ዝምክሑ ብሐንሳ ክንዲ ዝሰርሑ ዝባዝሑ ብኣፎም ዝምክሑ ይበዝሑ።ውጽኢቱ ናይ 30 ዓመት ቃልስና ፍረ እዚ ኮይኑ።ግን ብገንዘብ ዘይንግዛእ ሰብ መትከል ኣለና።

ጅግና ስዉእ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ

ምስ ብጾቱ ባይታ ወሪዱዩ ዝመከተ

ብዘረባ ኣይሰዓርን እዩ ስርዓት ገበተ..




መርከብ ናይ በረኻ በዓልቲ ግርገማ

ገመለይ ነስላማና ክስታና ከም ቀደማ

ገመለይ ንህዝባዊት ኣርማ ተሸኪማ

ገመለይ ንሐርነት ትዕድም ኣላ ደጋጊማ..

መን ኢኻ ታ ጥሩምባ ኢሰያስ ትወቅዕ

ንጅግና ወዲ ዓሊ ተልብሶ ክካልእ መልክዕ

ካድር ጃንዳ ናብ ደለይቲ ትብል ጽግዕ..

ሕድሪ ዘይጠለመ ጅግና ወዲ ዓሊ

ጀነራላት ሎሚ ኣትማን ናይ ትማሊ

ተጠሊሙ ብምንስተር ኮንረል የ በሃሊ

ኣብሩኽ ንበሎ ንናይ ኣርዮስ ኣገልጋሊ..

ንስዉእ ወዲ ዓሊ እወ ገርክምዎ ግዳይ

ፈተውትን ጸላእትን የድሊ ሎ ምልላይ

ንጠንቀቕ ካብ ክልተ ልሳኖም ከም መንደላይ..

ሕኑቕ እንታይ የውጽእ ዓፍራ

እንታይ የሰንብዶም ንጬፍራ

ቅጪ ሕርሙ ሒዝካ ጭማራ

ህዝባዊ ተቓውሞ ኣብ ኤረትራ..

*ኣለዋና ኣለዉና ዘይተንበርከኹ*
*ንጉጅለ ኣርዮስ መትንታቱ ዝብተኹ*
*ተፈሊጦም እዮም እቶም ዝተላእኹ..*

*ኣለዉና ኣለዋና ዝእምቱ ንመጻኢ*
*ኣብ ከተማ ካብ ከተማ ወጻኢ*
*ፈዳይን ዝምክቱ ህግደፍ ጸላኢ..*

*ላንጋ ላንጋ ግደፎ ብዘይ ሴፍ ደበላ*
*ልሳን ጉሒላ ኣብ 2017 ትብለል ኣላ*
*ጉሒላ ናይ ውድቀትካ ደወል ደዊላ*
*ብድሕሬኻ ጓል ሂዋን ክሕሎ መሰላ*
*ቀሪቡዩ ንኤረትራዊት ኣደ ክወግሐላ..*

*ደም ንጹሃት ዓጀውጀው ኣቢልዎ*
*ንጉሒላ ሳሕል ህዝቢ ዓለም ፈንፊንዎ*
*ንቃልስና ከዳኸሙ ብጭፍራ ዝሃንደስዎ*
*ተስፋ ቖሪጽኩም ጉሕላ ይንበር ቱፍ በልዎ..*

*መራሒ ኹም ብሓሶት ዕብልኽ*
*ሰዓብቱ ልሳኖም ድብልቕልቕ*
*ተፈሊ ጥኩም ይሕሸኩም ስቕ*
*ለኻኺ ሙኩም ዩ ዝወድቕ*
*ተጋግየ እቕረ ምባል ዩ ጽቡቕ..*

*ነቲ ዝተረፈ ህዝቢ ከይለከሞ*
*ንቃልስና እስከ ክንግምግሞ*
*ንደንበ ተቃውም ነቖዝ ኣትዮሞ*
*ኣንፈቱ ሲሒቱ ምስራሕ ከሊኦሞ..*

*ዓገብ ንበል ከብቅዕ ደም ምፍሳስ*
*ተበላጺ ዓይንኻ ኽፈት ያኣክል ድቃስ*
*ዒፍዒፍታ ባሕሪ ናብ ንቡር ክምለስ*
*ግደፎ ንዘይትፈልጦም ምውዳስ*
*ፍትሒ ክግነግስ ኣብቲ ናይ ሐባር ዳስ..*

*ኣብ 2017 ረጊጽና ካልኣይ ወርሒ*
*ህዝቢ ከም ዕንቍ ጸቢባቶ ብሸርሒ*
*ካብ ተቀበልቲ ሕድሪ ክንድዚ ፍርሒ*

*ዘረባ ጥራይ ኮይኑ ልሳኑ መንውሒ..*

*ስነ ጥበባዊ ኤረትራዊ  በዓል ወኒ*
*ለበዋ ኮኾብ የማነ ባርያ ተዘኪሩኒ*
*የዋህ ኤረትራዊ ዘረባይ ስምዓኒ*
*ዓፍራ ከይትረግጽ መሲሉካ እምኒ*
*ኣነ ውን ዓገብ ክብል ሕድሮ ም ኣሎኒ..*

*ኣብዘይ ሰምዓካ ደብሪ ኣይትማህለል*
*ኣረምማዊ ጋኤን ዶ ክብለካ ሳጥናኤል*
*ንዓገብ ዝበሉ ንሸክ ንካህን ትም ብርል*
*ግን ከ ሕጊ ኣልቦም ጉሒላ ዝበለ ይበል*
*ኣለና ብገንዘብ ዘይንግዛእ ሰብ መትከል..*

*መራሒ ህግደፍ ጻሕታሪ ነገር*
*ናብ ማእሰርቲ ቀይርዎ ንሃገር*
*ሞሶሊኒ ዶ ክብለካ ሂትለር*
*ንየዋህ ህዝቢ ከሊእካዮ ምንባር*
*ንምሽቱ ፍርድኻ ጩንገር ዶ ዓረር ..*

*ሽም ጀጋኑ ክብልሉ ዶብ ዝሰገሩ*
*ንስዉእ ንወዲ ዓሊ ግዳይ ዝገበሩ*
*ጀነራላቱ ሽሙ ክሰምዑ ዝብህርሩ*
*ኣለዉዎም ንቐ ንጻሊቲ ጀጋኑ ዝቖጸሩ..*

*ነዛ ዓመት ኣይንርኣያ ከም ዋዛ*
*በትሪ ለውጢ ኣትሪርና ንሐዛ*
*ሰናይ ዘመን ክኸውን ኣኸዛ*
*ናብ ንቡር ክምለስ ዓርኪ ምሕዛ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረና*